## ህዝባዊ መኸተ ኣነጻር ምልኪ

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ግዳይ መዘና ዘይብሉ ዓማጺ ምልኪ ኾይኑ ከምዘሎ ኣሉ ክባሃል ዘይኽእል ርኡይን ንጹርን ኩውንነት ኢዩ:: ኣብ ደገ እንርከብ ኤርትራውያን ነዚ ዓማጺ ኩነታት ሓንጎፋይ ኢልና ኣይተቐበልናዮን:: ብኣንጻሩ ብዝተፈላለየ ዉዱብን ዘይ ዉዱብን መንገዲን ብተናጸልን በብሸነኽና ክሳብ ሕጂ ከከም ክእለትና ንብድሆ ኣለና::

ይኹን ድኣምበር ብሰንኪ ሳእን ሓደ ንኹልና ክጥርንፈና ዝኽእል ስሙርን ዉዱብን ኣገባብ ቃልሲ ክሳብ ሎሚ ኣዘዩ ክንዕወተሉ ኣይካኣልናን:: ሕጂ ግና፣ዘይሓልፍ የለን ከም ዝባሃል፣ንኹልና በቲ ዝተሓተ ናይ ሓባር ረቛሒ ጠርኒፉ ብሓባር ክቃልሰናን ክዕዉተናን ዘኽእል ባይታ ተረኺቡ'ሎ እንተተባህለ ቁኑዕ እዩ::

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን(5-11 ጉምቦት 2008)ዝተገብረ ኣኼባ ተቓወምቲ ዉድባት(ኪዳን) ጹቡቕ ፍርያት ኣምጺኡ፣ ሓደ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ፣ ብዓወት ተዛዚሙ'ውን እንተተባህለ ኣዝዩ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን:: ይዕቤ ይንኣስ በዘየገድስ፣ ንጹቡቕ ዝገበረ ድማ ጹቡቕ ጌረካ ምባልን ምዉዳስን ምንኣድን ምትብባዕን ኑቡር ኢዩ::

ንዓድና ወሪዲዋ ዘሎ ጭው ዝበለ ዓማጺ ሑሉፍ-ምልኪ(Tyranny)ከምዝኾነ ፈጺሙ ዘማትእን ዘካትዕን ኣይኮነን:: መዕነዊን ስሚን ናይ ኸም'ዚን ወዲ ኸም'ዚን ዝኣምሰለ ዓማጺ ምልኪ ድማ ዴሞክራሲ ይባሃል:: ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ካኣ ዘየማትእን ዘየካትዕን ንጹር ድልየትን ሃረርታን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኢዩ:: ከም'ዚ ናይ ዝኾነ ኻኣ ኢዩ ንቓለሲ ህዝቢ ኤርትራ ብመሰረቱ ናይ ግድን ጸረ-ምልኪ ዘብሎን፣ ንጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ኻኣ ዴሞክራሲን ፍትሒን ዝገብሮን:: እምብኣርከስ፣ ቃለሲ ህዝቢ ኤርትራ መኸተ ኣንጻር እዚ ወሪዱዎ ዘሎ ጭው ዝበለ ምልኪ ካብ ኮነ፣ ህዝባዊ መኸተ ኣንጻር ምልኪ እንተተባህለ ቁኑዕን ዝግቦኣን መጸዋዕታን መለለይን ኢዩ::

ሕጂ ኣብ ቅድሜና ዘሎ፣ ንሕና ኣብ ደገ እንርከብ ኤርትራውያን ነዚ ኣወንታዊ ዝኾነ መባእታዊ ዓወት ኪዳን ነባሪ ንኽኸዉን ብግብሪ ብኸመይ ክነወዓዉያን፣ ክነሕይሎን፣ ክንደፋፋኣሉን ንኽእል ዝብል ሕቶ ኢዩ?

**መንቀሊ ሓሳባት**

ቅድም ቀዳድም ንሕና ካብኣቶም(ኪዳን)ንበዝሕ፣ ሕቶ ሃገር ንኹልና ዘገድስ ድኣ እምበር ናይ ዝተወሰኑ ሰባት ፍሉይ ሓላፊነት ኣይኮነን ክኸዉን እውን ኣይክእልን'ዩ:: እሞ፣ ክሳብ ግበሩ ዝብሉና ክንጽበ የብልናን:: ንኣብነት እዘን ዝስዕባ ናይ ገዛእ ርእስና ተበግሶታት ብጡርንፍ ኣገባብ ምስ ዝትግበራ ክሰርሓናን ክዕውታናን ይኽእላ: ዝብል ነቕ ዘይብል እምነት ኣለኒ:-

1. ሙሉእ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኣኼባ ምጥላብ፣ ክሳብ ዝመጹና ኣይንጸበ:: ብናህና ተበግሶ ነቶም ኣብ'ቲ ኣኼባ ዝወዓሉ ብፍላይ ካኣ እቶም ወሳኒ ታራ ዝነበሮም ኣብዘዘለናዮ መጺኦም ሙሉእ ጸብጻብ ክህቡና ምዕዳም:: ነዚ ንመትግባር
2. ዉዕዉዕ ባህላዊ ምሸታት ምድላው፣ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ዝብል ነባሪን ጸዑቕን ዘመተ/ጎስጓስ(campaign) ምንቃል:: ኣብ'ዚ ተሞርኪስና ኻኣ ንኹሎም ኣብ ጥቓና ዝርካቡ ኤርትሪያዉያን ኩፉት ዝኾነ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ዝብል ጸብጻብ ኪዳን ዝወሃበሉ ባህላዊ ምሸታት ምድላውን ምውዕዋዕን:: ነዚ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ምሸታት

ከድምቐልና ዝኽእል ከም "መኸተ ኣንጻር ምልኪ" ዝብል ማልያታት፣ ቆቢዓት፣ወዝተ ክነሕትም ንኽእል:: ነታ ኣኼባ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ከም መርበብ ኢንተርኔት ምውጻእ እዉን ዓቢን ኣገዳሲን ግደ ኣለዎ::

3. ምጥርናፍ፣ ዝኾነ ይኹን ቃልሲ ክዕወት እንተዳኣ ኾይኑ ምጥርናፍ ናይ ግድን ይኸውን:: ጡርኑፍ ህዝባዊ ምንቅቓስ ነባሪ ኢዩ:: ጸረ-ምልኪ ኤርትራያዉያን ናይ ግድን ክንጥርነፍ ኣለና:: እዚ ከም'ዚ ሓሲብናዮ ዘለና ኣኼባታት ድማ ንክንጥርነፍ ዝጥዕም ኢዩ:: ነቲ ጸብጻብ ኪዳን ንኽሰምዕ ኢሉ ታእኪቡ ዘሎ ህዝቢ ከም ሓደ ጸረ-ምልኪ ኣካል ንምምስራት ብዙሕ ዘጸግም ኣይኮነን፣ ይካኣል'ዩ ክንገብሮ እዉን ኣለና:: ከም'ዚ ኢልና ምስ እንጥርነፍ ነቲ ምንቅስቓስ ንውንኖ፣ ዓቢን ወሳኒን ታራ ዘለዎ ኣካል ናይ እቲ ምንቅስቓስ ካኣ ይገብረና::
4. መርበብ ኢንተርኔት ምኽፋት፣ እዚ ምንቅስቓ'ዚ ናይ ገዛእ ርእሱ መርበብ ኢንተርኔት ምስ ዝህልዎ ብዙሕ ክዕዉተና ይኽእል:: ከምኡ እውን
5. ፍሉይ Paltalk Action Room ምኽፋት፣ ነዚ ሩም'ዚ ካብተን ካልኦት ተመሳሳልቲ ሩማት ፍሉይ ዝገብሮ፣-

    1. ጥራይ ንመኸተ ኣንጻር ምልኪ ብግብሪ እንዕወተሉ ሜላታት እንሕጽጸሉን እንመያየጠሉን ናይ ዝኾነ፣
    2. ብፍላይ ንመኸተ ኣንጻር ምልኪ ዘገድስ ስነ-ሓሳባዊ መንጸፍን፣ ሰሚናራትን፣ መጽናዕትን ኣስተምህሮን እንህበሉ ቦታ ናይ ዝኾነን::
    3. ብኻልእ ዛዕባታት ከይተቐየድና ንጸረ-ምልካዊ ቃልስና ብዝያዳ ንኽነድህበሉን እቲ ዝግቦኦ ሙሉእ ኣቓልቦ ንኽንህቦን ናይዘኽእለና::

እዚ ከምዘለዎ ኾይኑ፣ ምስተን ካልኦት ተመሳሳልቲ ሩማት ሕደ ዝገብረና ኻኣ ጸረ-ምልካዊ መርገጺናን ነቲ ንሃገርና ወሪዱዋ ዘሎ ዓማጺ ምልኪ ንምቅላዕን ንምኽሻሕን ዝግበር ስርሓታትናን ኢዩ:: ግዝየን ኩነታትን ምስ ዝጠልቦ ድማ መደብ ናይ'ዚ ሩም ምስ መደብ ናይ'ተን ካልኦት ተመሳሳልቲ ሩማት ዘይ እነወሃህደሉ ወላ ሓንቲ ምኽኒት የለን::

ከም'ዚ ሓሲብናዮ ዘለና እንተድኣ ኾይኑ፣ እዚ ሩም'ዚ ከከም ኣድላይነቱ ድኣ እምበር ናይ ግድን ወግሐ ጸብሐ ዝኽፈት ገዛ ኣይኮነን:: ክንርእዮ ኢና::

ኣይፍለጥን ኢልና Eritrea Mekhete Antsar Milki Action Forum ዝመጸዋዕቱኡ መጻንሒ ገዛ ሒዝና ኣለና::

መተሓሳሰቢ: ንምዕቃብ ጂኦ-ፖለቲካዊ ታሪኽን ባህልታትን ደረፌታትን ቁዋንቁዋታትን ሃገርናን፣ ነንሕድና ብዚያዳ ንኽቀራረበናን ንኽላለየናን ኢልና ኻኣ ካብ ፖለቲካ ናጻ ዝኾነ Eritrea Mekhete Antsar Milki cultural ዝመጸዋዕቱኡ ካልኣይ ገዛ እውን ምስ ኩልኻትኩም ተመያይጥና ክንከፍት ሓሲብና ኣለና'ሞ ኣብ ልብኹም ሓዝዎ::

ብረሃኔ መ. ተኽስተ
6 ሰነ 2008